## DDTC Imposes Arms Embargo on Eritrea

## ሎሚ'ውን



## ብቕልጽምና

# ብዓል ኣምስሉ ! እንታይ እዮም ዝብሉ ?

ዓጀውጀው ናይ ምምሕዳር ኣሜሪካ ፡ ነቶም ብኢድ ምምሕዳር ኣሜሪካ ዝነብሩን ምንባር ዝለመዱን ፡ ናይገዛእ ርእሶም ብቕዓትን ምትእምማንን ዘይብሎም ጊላታት ናይ ምምሕዳር ኣሜሪካ ፡ እዚ ኣብላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ኣጻዋር ኩኒናት ኣይንሸጠልኩምን ኢና ዝብል ዝንቡዕ ውሳነ ፡ ናይ ብሓቂ ዓቢ መርድእ እዩ ፡ መኽንያቱ ፡ ንዝነብርሉ መቐነን ካብኅይተቶም ዝርከብ ምጽወታ ስለዝኾነ ፡

እንቶ ንዓና ንኤርትራውያን ግን ሕንጻጽ ምንጻጽ ዝመሊኣ ድሰክ ኮይኑ ፡ ንምስምዑ ዘሰልቹ ደርፊ እዩ ፡ እንታይ እዩ እዚ ዓጀውጀው ናይ ምምሕዳር ኣሜሪካ ?

እቲ ዘገርም ፍልጠትና ምስ ኣሜሪካ ፍርቂ ዘመን ኣሕሊፉ ኣሎ ፡ ኤርትራዊ ንምሕደራ ኣሜሪካ ፍልጠቱ ፡ ብዓመጽ ፡ ምሕራም መሰልርእሰውሳኔና ፡ ዓድታት ምንዳድ ምብዳም ፡ ሓድነትና ንክልሕልሕ ዝእለም ውዲታት ፡ ኣሎዝበሃል እከይፍሕሶታት ወዘተ... ብተግባር ንምምሕዳር ኣሜሪካ በዚ ክጠቕሶ ዝጸናሕኩ ፉንፉን ውዲታቶም ስለእንፈልጦም ፡ ናይ እምባርጎ ከልኪልና ምባሎም ፡ ``ኣበይ ኣለኽን ዘይበልወን ኣብዚ ኣሎኹ ይብላ እዩ ነገሩ `` ፡ ኣሜሪካ ዝሓገዘታ ሃገር ኣብዓለም እንተላ ፡ ሰላማ ዝተዘርገ ፡ ህዝባ ዝተበታተነ ፡ ብልሽውና ዝሳዕረረ ፡ ትሕዝቶ ቁጠባኣ ባይታ ዝዘበጠ ካብ ውግእንወረውግእን ዘይተዕርፍ ፡ ምትእምማን ዘጥፍአት ሃገር እንተዘይኦይኑ ፡ ብምምሓዳር ኣሜሪካ ሰላም ዘተረጋገጸስ ኮቶ ርኢናን ሰሚዕናን ኣይንፈልጥን ፡

መንግስትና ኣብዚእዋነዚ ይኹን ፡ ኣብግዜሓርነታዊ ቃልሲ ፡ ምስምምሕዳር ኤሜሪካ ዝህልዎ ንግዳዊ ርኽክብ ብኽምይ እዩሞ ተግባራዊ ክኸውን ዝኽእል ? መኽንያቱ ናጽነትና ትሓሪሙና ብረታዊቃልሲ ከነልዕል ዝተገደድና ካብቶም ቀንዲ ሰበብ ዝነበሩ ፡ ምትእትታው ስርዓት ናይ ኣሜሪካ ሓገዝ ንገዛኢ መስፍናዊ ስርዓት ናይ ኣምሓራ ፡ ምትኹታኽን ህንደሳን ናይዶብ ግጭት ናይ ስርዓት ጃንዳ ወያነን ኣብልዕሊ ግዝኣተ-ሕጊ ሃገረ ኤርትራ ፡ ውሳነ ቤትፍርዲ ንዶብ ዝምልከት ፡ እቲ ክሳብ ሕጂ ከይትግበር ኣብ ዓንቃሪቦ ሰቒልዎ ዘሎ ሰርዓት ምምሕዳር ኣሜሪካ እዩ ፡ ብኽመይ ኣቢሉ እዩ ምሳና ንግዳዊ ርኽክብ ክህልዎን ክበትኮን ዝህቅን ፡ እዚ ካብ ጭርጭር ዓበደ ሓሊፉ ካልእ ክኸውን ኣይክእልን ፡ ወይክኣ ምስእዚ ቁጠባዊ ቅልውላው ወሪድዎ ዘሎ ኣህተፍቲፉ ከይከውን ምናልባት መንይፈልጥ ፡

እቲ ሕጂ ዝህብዎዘለዉ ምስምስ ኣብቀርኒ ኣፍሪቃ ከምድልየቶም ዘይመዝመዙ ፡ ንናጽነት ካልኦት ሃገራት መንዚዖም ፡ ብገዛእ ሃገርካ ፡ ከም ካልኣይ ሳልሳይ ዜጋ መሰልካ ትሓሪሙካ ፡ ናይ ጊላ ኣሜሪካ ጊላ ክትከውን ፡ እምቢ እንተበልካ ፡ ወይግብረሽበራ ኢኻ ፡ወይ ትሓባባሪ ግብረሽበራ ኢኻ ፡ ዘደንጹ ነገር እዩ ፡ እንተኾነ ግን ዕርቃኑ ዝወጸ ፡ መንነት ምምሕዳር ናይ ኣሜሪካ ዝገልጽ ኩናታት ካብ ሙኻን ሓሊፉ ዘምጽኦ ሳዕቤን ኣይክህሉን እዩ ፡

ታህዲድ ምምሕዳር ኣሜሪካ፡ ካብ ኣንፈትና ንሓንቲ ሰንቲሜተር'ውን ትኹን ክጠውየና ኣይክእል'ዩ፡ እቲምንታይሲ ብርእዮ ስዒርናዮ ስለዝኾነ !

ምምሕዳር ኣሜሪካ ዝኣጎዶ ኩናት ተሳዒሩ ክወጽእ እንተዘይኮነ ስዒሩ ዝወጸላ ዓውደኩናት የሎን ፡ ወራር ናይ ይጎዝላቭያ ፡ ኣፍጋኒስታን ፡ ዒራቕ ፡ ሶማል ፡ እቲሰብ ዝፈልጦ ናይ ሽውዓተሚእቲ ቢልዮን ጋግ ገይሩ ተባሂሉ ኣሎ ፡ ካብ ወርሒ 9/2001ን ክሳብ ሎሚ ናህሪ ዋጋታት ሰማይተወንጪፉ ፡ ዓለም ብምልእታ ብቑጠባዊ ቅልውላው ተደኒሳ ፡ ጌና ዘይተገልጸ ክኣ ምስጢረስላሰ ኮይኑ ማለት እዩ ፡ እዚ ኩሉ ብሰንኪ ግጉይ ህውተታን ምሕደራ ናይ ምምሕዳር ስርዓት ኣሜሪካ እዩ ፡

ስለዚ ነቶም ዘንጥጠሎምን ብሪሞት ዝዝውሮም ከምኡ ይበሎም ፡ እንቶ ምሳና ምስ ኤርትራውያን ``ኢ.ገበይኪ ባቡር `` ንፋለጥ'ሞ ንማለጥ `` እዩ ነገሩ ``፡

## ስለዚ ናይሎሚ ህላዌና ከምትማሊ ብቓልስና !

## እቲ ርጉጽ ዓወት ክኣ ናትና እዩ !

## ዓወት ንሓፋሽ !

መድሃኔ ተስፋኣለም ፡